# 20 ሰነ መዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ
# ኣብ ሽቱትጋርትን ከባቢኡ ብክብ ዝበለ ወግዒ ተኸቢሩ ዊዒሉ!!

ኣብ ሽቱትጋርትን ከባቢኡን ዝነብር ኤርትራዊ ምእንቲ ናጽነትን ልኡላውነትን ሃገር ህይወቶም ዝበጀዉ ጀጋኑ ሰማእታት ኤርትራ ንምዝካር ብ20 ሰነ ሽምዓን ጥዋፍን ብምብራህን: ናይ እግሪ-ግዕዞ ብምክያድን ሕልናዊ ጸሎት ብሞዕራግን: ብዓቢ ስነስርዓት ኣኽቢርዎ ውዒሉ::

200 ዝኾኑ ወለድን መንእሰያትን ካብ ዝተፈላለየ ኩርናዓት ሽቱትጋርት ከባቢኡን: ንኽብሪ 20 ሰነ ብእግሪ ብምጉዓዝ: ኣብታ ብ1997 ኣብ ቀጽሪ ምምሕዳር ከተማ ኤስሊንገን ንኽብርን ዝኽርን ሰማእታት ዝተተኸለት ገረብ ስውኣት'ዩ ብመራሕቲ ሃይማኖት እንዳተመርሐ በጺሑ:: ድሕሪ ናይ ሓደ ደቒ̈ቕ ናይ ሕልና-ዝኽሪ ምክያድ: ብዝተፈላለዩ መራሕቲ ሃይማኖት ጸሎትን መዝሙርን ቐሪቡ::
ኣቦ-መንበር ማሕበረሰብ ኤስሊንገን ኣቶ ገብሪሂወት ስዩም ቃል-መኽፈቲ ምስ ኣስመዔ: ንኽብሪ በጃ ህዝቦምን ሃገሮምን ዝሓለፉ ሰማእታትና ዝምልከት መግለጺ ኣቦ-መንበር ማሕበረ-ኮም ኣቶ ዘራጽዮን ተስፋጽዮን ኣቕሪቡ::
ዕንባባን: ሽምዓን: ጥዋፍን ኣብቲ ትሕቲ ገረብ-ስዉኣት ምስተነብረ: ኩሉ ተሳታፋይ ናብ ክለብ ማሕበረ-ሰብ ኤስሊንገን'ዩ ኣምሪሑ:: ኣብኡ ነዛ ረዛን መዓልቲ ዘንጻበርቑ ሓያሎይ ግጥምታትን መደረን ተኻይዱም::

ኣብዛ ብኹቡር መስዋእቲ ብርሃን-ሓርነት ዝተዓደልናላ መዓልቲ: ሓለፍቲ ማሕበራትን: መራሕቲ ሃይማኖትን: ብዙሓት ቆልዑን: መንእሰያትን ዝርከብዎም ኣማኢታት ኤርትራውያን: በቲ ኣጋጣሚ ናይ ሽምዓ ሰልፊ ብምክያድ: ኢድ ንኢድ ተተሓሒዞም: ሕድሪ ሰማእታት ክትግብሩ ቓሎም ኣሐዲሶም:: እቲ ኩሉ ኣብቲ መዓልቲ ብዝተፈላለየ መንገድታት ማሕበረሰብ ኤስሊንገን ኣታዊ ዝገበሮን: ዝተወፈየን: ንመሳሰኒ ማዕከን ስውኣት ከምዝውዕል ኣፍሊጡ::

ማሕበረ-ኮም ሽቱትጋርትን ከባቢኡን